ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ክፍለ ከተማ ኩሓ ንዝተፈላለዩ ኣብያተ ፅሕፈት ግልጋሎት ዝዉዕሉ ፅሕፈት መሳርሒ :ፅሬት ኣቁሑትን: ስፖርት ዕጥቅን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ በዚ መሰረት ነዚ ዝስዕብ ሮቋሕታት እተማልኡ ተጫረቲ ክትወዳደሩ ይዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጳጉሜን 3, 2007 (ልዕሊ 11 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 12, 2008 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:ኩሓ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን:
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ዝተሐደሰ ናይ 2008 ዓ/ም ንግዲ ፍቓድ ዘለዎን ግብሪ ዝኽፈለን ክኸዉን አለዎ

2 መለለይ ግብሪ /ቁፅሪ ቲን ናምበር ኸቕርብ ዝኽእል

3 ዝተሐደሰ ናይ መቕረባይነት ምዝገባ መለለይ ካርዲ ከቕርብ ዝኽእል

4 ጨረታ ምልክታ ካብ ዝውፀአሉ ዕለት 28 /12 /07 ዓ/ም ክሳብ 12 /01 /2008 ዓ/ም ሰነድ ጨረታ ምዉሳድ ዝካአል ኮይኑ ናይ ጨረታ ሰነድ ዝዕፀወሉ ዕለት 12/ 01 /08 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ተዓሺጉ ብተመሳሳሊ ዕለት 12 /01/ 08 ዓም ሰዓት 4:00 ተጫረቲ ወይከዓ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረከብሉ ይኽፈት

5 ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ቢድ ቦንድ ናይ ፅሬት ኣቁሑት ፅሕፈት መሳርሒን ስፖርት ዕጥቅን ብር 5000 /ሓሙሽተ ሽሕ /ብናይ ስፖኦ ባንኪ ዝተረጋገፀ ወይከዓ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዝ ዝክእል

6 ፅሬት ኣቁሑት ፅሕፈት መሳርሒን ጨረታ ሰነድ መግዝኢ ብር 50.00

7 ንፅፈት መሳርሒ ቫት ተመዝገብቲ ጥራሕ እነተኮን ንፅሬት ኣቁሑት ንኩሉ ዝሐወሰ ይኸዉን ቫት ተመዝገበቲ ናይ ወርሒ ሓምለ ዲክለር ዝገበረ

8 ተጫረቲ ዘድሊ ናይ ጨረታ ሰነድ ነንበይኑ ብምእሻግ ኦርጅናልን አብ ሓደ ፖስታ ኮፒ ኣብ ካሊእ ፖስታ ታዓሺጉ ኣብ ዝተዳለወ ሳፁን ምእታዉ ይካኣል

9 ተጫረቲ ወይከዓ ወኪላት ብዘይ ምቕራቦም ሰነ ስርዓት ምኽፋት ጨረታ ኣይተዓናቐፍን ወይ ከይተከፈተ ዝምለስ ሰነድ ጨረታ ኣይህሉን

10 ናይ ተጫረቲ ሽም ኣድራሻ ክታምን ማሕተምን ክዓርፎ አለዎ

11 ተጫረቲ ጨረታ ዝሰዓረ ምኻኑ ካበ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ፍሉይ ኩነታት እንተዘይ ሃሊዩ ኣብ ዉሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ሕጋዊ ዉዕሊ ክኣስርን ናይ ዉዕሊ መኽበሪ 10% ብዝተረጋገፀ ስፒኦ ወይ ከዓ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዝ አለዎ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ቤት ፅሕፈትና ክሳብ 20% ናይ ምዉሳክን ምቕናስን መሰሉ ሕሉዉ እዩ

13 ኣብ ዘዳላናዩ ሰነድ ጨረታ ስፐስፊኬሽን መለክዒ ካልእ ዝኮነ ዓይነት መስተካከሊ ምግባር ተቀባልነት የብሉን

14 ትራነስፖርት ዝምልከት ባዕሉ ሰዓራይ ኣካል ዝሸፍን ኮይኑ ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ክፍሊ ከተማ ኩሓ ብዉዕል መሰረት ንብረቱ ኣታዊ ይገብር

15 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ ኣማራፂ እንተረኪቡ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉዉ እዩ

16 ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0914702650/ 0914888930 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle